**ዕንደራ ወያነ ንጥፍኣት ህዝቢ ትግራይ።**

ስለምንታይ? ህዝቢ ትግራይ ኣብተን ቀዳሞት ሽዱሽተ ሸውዓተ ዓመታት ማለት ክሳብ 1998 ወያነ ስልጣን ዝሓዘትለን ዝነበሮ ተስፋ ሓራ ካብ ድኽነት ከይረኣየ ከሎ'ዩ ህወሓት ብስም ዶብ ኣሳቢባ፡ ምስቲ ሰብ ክትከውን ዝገበራ በዓል ጽቡቓ ዝኾነ ህዝብን መንግስቲ ኤርትራ ክትበኣስ ዝጀመረት። ከምቲ ሰይጣን ንኣዳምን ሂዋንን ዘስሓተ፡ ወያነ ድማ ብሰይጣናዊ መምርሒ መንግስቲ ኣሜርካ ተመሪሓ ነቲ ህዝበይ ትብሎ ህዝቢ ትግራይ ድኽነቱ ከይኣኽሎ ኣደዳ ኲናት ጌራ ዕሽላት ዕድሚኦም ንምውጋእ ዘይበጽሑ ንሞት ትፈርዶም ዘላ። ሎሚ ህዝቢ ትግራይ ኣብ ክንዲ ብሰላም ጻማ ቃልሱ ረኺቡ፡ ቀሲኑንን ሓሪሱን ደቁ ዘዕብን ዘምህርን፡ ካብ ሕቐፉ እናተመንዝዑ ኣብ መሰረት ዘይብሉ ኲናት ተጠቢሶም ግደ መውጋእትን ሞትን ይኾኑ ኣለዉ። ትግራዎት ካብ ዝኾነ ግዜ ንላዕሊ ሕጂ በታ ናትና ዝብሉዋ ወያነ ዝወርዶም ዘሎ በደል ኣብ ዓለም ጎሊሁ ኣሎ። ደቁን ስንቁን ነጊፉ ከብዱ ዝዕንግለሉ ቁራስ እንተረኸበ እግሩ ኣብ ዝመርሖ ገደላትን ጫካታትን ይስደድ ኣሎ። ወያነ ንህዝቢ ትግራይ ደሙ መጽዩ፡ ኣዕጽምቱ ቆርጢሙ፡ ስግኡ መንጪቱ፡ ዝነብር ዘሎ ኣረመናዊ ፍጡር እዩ። እቲ ዘገርም ግን እዚ ህዝቢ ክሳብ መዓስ'ዩ ደቁ ኣብ ዘይቅኑዕ ውግእ ክግብር ክነብር? ኣብ ትግራይ ነዚ ሕሰም ርእዮም ወያነ ንምጥፍኣ ዝብገሱ ተጋሩ የለዉን እንድዮም። ወይስ ኣባይ ዘይበጽሓኒ እንታይ ገደሰኒ ዝብል ኣተሓሳስባ እዩ ሲዒሩ? ሽግር ህዝቢ ትግራይ ቀዳማይ መጓቲኡ ባዕሉ እቲ ህዝቢዩ። ውግእ ጽቡቕ ኣይኮነን፡ ግን ህዝቢ ትግራይ ክሓልፈሉ እንተኾይኑ እቲ ናይ መጨረሽታ ምርጭኡ፡ ረዲኤት እናለመነ ወይ ደቁ እንዳገበረ ምንባር ኣይኮነ። እታ ሓንትን ወሳኒትን ብረት ኣልዒሉ ምስቶም ንወያነ ንምጥፋእ ዝረባረቡ ዘለዉ ሓይሊ ኣምሓራን ዓፋርን ሰራዊት ፈደራልን ምስላፍ'ዩ። ንኣበርክቶ መንግስቲ ኤርትራ ምምስጋንን ቁኑዕ ጉርብትና ምፍጣርን እዩ። ኣብዚ ሕጂ ግዜ ጁንታ ምስ ኤርትራ ክዋጋእ ናይ ጥፍኣት ነጋሪት ይወቅዕን ንውግእ ይቶኧቱኽን ኣሎ። ማእለያ ዘይብሎም ተጋሩ የሰልፍ እሎ። ውግእ እንተድኣ ተጀሚሩ መንግስቲ ኤርትራ ኢዱ ኣጣሚሩ ክዕዘብ ኣይኮነን። ናይ ወያነ ህልዉና ዘጥፍእ ኮይኑ፡ ውግእ ንመን ትቐትል ንመን ትገድፍ ምርጫ ስለ ዘይህብ ህልቂት ሰራዊት ወያነ ቀሊል ኣይክኸውንን እዩ። ህዝቢ ትግራይ፡ ረብሓ መራሕቲ ወያነ ክትሕልዉ ክትብልሉ ብሩህ መጻኢ ዘለዎም መንእሰያት ደቅኹም ከይተጥፍኡ። ተቛውመኹም ብድምጽን ብግብርን ኣርእዩ። መንግስትን ህዝብን ኤርትራ ህዝቢ ትግራይ ከይብደል ክብል ዝተዓገሶ ግዜ ውሑድ ኣይኮነን። ትዕግስቲ መወዳእታ ኣለዎ። ልእላውነትና ክትንከፍ ንዝመጽእ ንምክልኻል ዝለዓለ ግደታ ኣሎና።